# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.205 | ሰንበት 27 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ (ሚያዝያ 24-30)

ገጽ 3 — ዝጠንተዋ ከተማታት ዓለም



ገጽ 4 — ሓፈሻዊ ዳህሳስ ካዳስትራዊ. . .



ገጽ 5 — ተወሳኺ መብርሂ ናይ ዝሓለፈ ሕታማት

ገጽ 7 — ኤርትራ ሓይሊ ኣብ ሰባ እዩ. . .




## ሃኮሰኤ፡ “ኣፍራይነት ብንቑሕ ተሳታፍነት” ብዝብል ቴማ ዓውደዘተ ኣካዪዱ





ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፥ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ “ኣፍራይነት ብንቑሕ ተሳታፍነት!” ብዝብል ቴማ ብ22ን 23ን ሚያዝያ ሰሚናርን ዓውደዘተን ኣካዪዱ።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ወርሻ ዶ/ር ጺጋይ መዲን ኣብ ዘቕረቦ ምስ ጺጋታት ባህላዊ ወርሻ ሃገርና ዘላሊ መግለጺ፡ ካብ ከባቢ 27 ሚልዮን ዓመት ጀሚሩ ክሳብ ናይ ቀረባ ታሪኽ ኤርትራ፥ ቡብመድረኹ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ንዘተኻየደ ምርምራዊ ስራሓት ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ትሕዝቶ ባህላዊ ወርሻ፡ ኣብ ጉዕዞ ልምዓት ሃገር፡ ከም ኣብ ኩሉ ጾላት ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት፡ ኣብ ምድልዳል ሓድነትን ምኽኣል መንነትን ተራኡ ዕዙዝ ምዃኑ ዝሓበረ ዶ/ር ጺጋይ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝውንኖ ሕሉፍ ሃብቲ ባህላዊ ወርሻ፡ ኣብ ምውሓስ ህላወኡን መጻኢኡን ዝጻወቶ ተራ ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣገንዚቡ።

ምስ ዕዮን ዓያይትን ብምትእስሳር ድማ ዶ/ር ጺጋይ፥ ጥንታዊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ቡብመድረኹ ዘፍረዮ ትሕዝቶታት ባህላዊ ወርሻ፡ ከም ወጽኢት ቀዳሞት ሰራሕተኛታት - ክብርን ኣፍልጦን ተዋሂብዎ፡ ብህልው ወለዶ ክዕቀብን ክሰጋገርን ተላቢዩ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ወከልቲ ሃኮሰኤ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኩባንያ ዕደና ቢሻን ዓንበርበብ ሺር ካምፓኒን ከም ተዛተይቲ ዝተሳተፍዎ፡ “ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ” ብዝብል ኣርእስቲ ዓውደዘተ ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ኣብ ትርጉም ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ህልው ኩነታቱ ኣብ ትካላት ሃገርና፡ ከምኡ’ውን ኣብ ብድሆታትን እማመታትን ኣተኩረ ዝቐረበ ዓውደዘተ፡ ተዛተይቲ ምስ ስርሖም ብምዝማድ ተመክሮታቶም ኣካፊሎም።

ኣቦ-መንበር ፌደረሽን ሰራሕተኛታት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣቶ ሚካኤል ሙብራህቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃኮሰኤ፡ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ክረጋገጽ ብምትካል ከም ዝጸዱ ብምሕባር፡ ኣብ 2015 ዝቖሙ ኮሚቴታት ድሕነትን ጥዕናን ንምብርባርን ሓደስቲ ንምቛምን ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

## ባረንቱ - ኣብ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ ዕብየት ተመዝጊቡ

ኣብ ማእከል ጥዕና ባረንቱ፡ ክትትል ቅድመ ሕርሲ ናይ ዝገበራ ኣደታት ቁጽሪ ብ110 ሚእታዊት ከም ዝወሰኸ፡ ሓላፊ’ታ ማእከል ነርስ ወጋሕታ ኪዳ ሓቢሩ።

እታ ማእከል፡ ኣገልግሎታት ክትትል ቅድመ ሕርሲ፡ ጥዕና ፍርያምነት፡ ክታበት ህጻናት፡ ስሩዕ ኣገልግሎት ሕክምና ንግበይትን ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናትን፡ ከምኡ’ውን ኣገልግሎታት ላቦራቶሪን ፋርማሲን ከምእትህብ ብምጥቃስ፡ ኣብ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብን መሳርሒታት ዝጎደለ ዘሎ ወፍሪ ዝምስገን ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ኣገንዚቡ።

ኣብ 2024 ምስ ዝበረ ህጡር ክራማት፡ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ጊዜ’ኳ እንተነበረ፡ ብዘተኻየደ ናይ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ወፍሪ እናንቈልቈለ ከም ዝመጸ ብምጥቃስ፡ ካብ ማእከል ጥዕና ርሒቐን ዝርከባ ዓድታት፡ ብተንቀሳቓሲት ኣሃዱታት ኣገልግሎት ዝረኽባሉ ኣገባብ ተኣታትዩ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ተገልገልቲ ብወገኖም፡ ሳላ’ቲ ኣብ’ታ ማእከል ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎትን ዝረኽብዎ ዘለዉ ሞያዊ ምኽርን ጥዕናኦም ዘውሕሱሉ ባይታ ተፈጢሩ ከም ዘሎ ገሊጾም።



## ደ/ቀ/ባሕሪ - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ቅነ ውዳበታት ሃግመተኤ ብደረጃ ንኡስ ዞባታት፡ “ንቕሓትና ብምብራኽ ውዳበና ነሐይል” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 17 ክሳብ 20 ሚያዝያ ተኻዪዱ።

እቲ ባህላውን ስፖርታውን መደባት፡ ፖለቲካውን ትምህርታውን መሰናድኣታት፡ ምርኢት ኣልባሳትን ስእልን፡ ስነ-ጥበባዊ ውድድራትን ካልእን ዘጠቓለለ ቅነ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ኣብ ኣፋምቦ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ድማ ኣብ ጠዮ ከም እተኻየደ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

ሓለፍቲ ሃግመተኤ ኣብ’ተን ንኡስ ዞባታት መንእሰያት ዓሊ ኣሕመድን ኑር እስማዒልን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ንቕሓት መንእሰያት ብምብራኽ፡ ተሳታፍነቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ንምዕዛዝ ከም ዝኾነ ገሊጾም።

ሓለፍቲ ትምህርቲ መማህር መሓመድ ዔዱን መማህር እድሪስ ኢብራሂምን ብወገኖም፡ እቲ ቅነ - ተመሃሮ ብዝሓለም ንኽኩሰኩሱ፡ ከምኡ’ውን ዝንባለኦም ክእለቶምን ብቕዓቶምን ንኽለልዩ ዓቢ ሓገዝ ከም ዘለዎ ኣብሪሆም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ኣቶ ብርሃ መዝገበ ብወገኑ፡ እቲ ቅነ ብብዙሕ ሸነኻት ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ንምሕያሉ ናይ ኩሉ ዜጋ ተሳታፍነት ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ሃግመተኤ ኣብ’ቲ ዞባ ኣቶ ዐሰማን ዓብዱልቃድር ድማ፡ ተመሃሮ ጐኒ-ጐኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰቦም ክፈልጡን ክወርሱን፡ ናይ ምህዞን ሰንዓን ዓቕሞም ከበርኹ፡ ከምኡ’ውን ባህላውን ስፖርታውን ዝንባሌታቶም ክለልዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ እቲ ቅነ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕወታት ሽልማት ተዓዲሉ።

## ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ (ሚያዝያ 24-30)

ብመሰረት እዋናዊ ጸብጻብ ዞባ ኣፍሪቃ፡ ኣብዚ እዋን ሓደ ካብ ሓሙሽተ ቆልዑ ብኸፊል ክታበት ጀሚሩ ዘቋረጹ ሓደ ካብ ኣርባዕተ ድማ ወላ ሓደ ዓይነት ክታበት ዘይተኸተበየ። እዚ ድማ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ደግሲ ናይቶም ብኽታበት ክክለኸሉም እንኽእል ሕማማት የጋጥም ኣሎ፤ ብፍላይ ድማ ንፍዮ።

ኣብ ዞባ ኣፍሪቃ፡ (ናይ ጎረሮ፡ ትኽትኽታ፡ ተታኑስ - DPT3) ዝለኸል ክታበት ዝተኸተቡ ቆልዑ ጉሉሕ ዝኾነ ኽጋስ ተራእዩ እዩ። ኣብ 2022 ካብ ዝነበረ 72%፡ ኣብ 2023 ናብ 74% በሪኹ። ኣብ 2023 ኣብ ምውጋድ ፖልዮ ዝተረኽበ ዓወት ክዕቀብ ኣለዎ።

ኣብ ኣደን ዕሸልን ኪጋጥም ዝኽእል ኣሰንካልን ቀታልን ሕማም ተታኑሱ ካብ 47 ሃገራት ኣፍሪቃ እተን 43 ሃገራት ኣብ ምውጋዱ በጺሐን ኣለዋ። ልዕሊ 2.3 ሚልዮን ፍጹም ዘይተኸተቡ ቆልዑ ብስፈሕ ወፍሪ ኣብ ዘለውዎ ቦታ ብምኻድ ተኸቲቦም። ክታበት ዓሶ ድማ ኣብ 13 ሃገራት ኣፍሪቃ ተኣታትዩ ኣሎ። ብተወሳኺ ቀዳማይ መደብ ክታበት ናይ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን 40% በጺሑ ኣሎ። እዚ ይኹን እምበር፡ ክብጽሑ ዘለዎም ዘይተኸተቡ ቆልዑ ንምብጻሕ ገና ብደሆታት ከም ዘሎ ጸብጻብ ዞባ ኣፍሪቃ ይሕብር።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብደሆታት ንምፍታሕ፡ ኣፍሪቃዊ ቅኑክታበት መኸረም 2010 ዓ.ም ኣብ ዞባ ኣፍሪቃ ናይ ክታበት መደባት ንምሕያል ወኒ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ዓመታዊ ኣብ መወዳእታ ሰሙን ናይ ሚያዝያ ጎድኒ-ጎድኒ ዓለማዊ ቅኑክታበት ብምብዓል ወጽኢት ስርሑ ይግምገም።

ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኣፍሪቃ፡ ናይ ኩለን ሃገራት ዝተወሃሃደ ግብራዊ ምትሕብባር ምስ ናይ ዓለማዊ ቅኑክታበት ብምውህሃድ ኣብቲ ዞባ ሓያል ናይ ክታበት መደባት ብምሕንጻጽ፡ ሰባት ኣብ እዋኑ ሕማማት ዝከላኸል ክታበት ንኽረኽቡ፡ ካብዚ ዝለዎ ደረጃ ንምዕባይ ይሰርሕ ኣሎ። ዕላማኡ ድማ ሃገራውን ዞባውን ናይ ክታበት ሽፈነ ንምዕቃብን ምስ መሻርኽቲ ዝተወጠነ ኣጀንዳ ንኽትግበር ምስራሕን እዩ።

ኩነታት ክታበት ኣብ ኤርትራ ብዝለዓለ ሽፈነ (98%) ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ይግስግስ ኣሎ። ምስክር ናይዚ ድማ ኤርትራ ብእተዛህሮ ንጡፍ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ክታበት ናይ ኣህጉር ኣፍልጦ ምስክር ተዋሂብዋ እዩ። እዚ ይኹንምበር፡ ብሸለልትነት ናይ ገለ ገለ ስድራቤት ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ዘይተኸተቡ ቆልዑ ከም ዝርከቡ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብሩ።

ካብዚ ብምብጋስ ነፍሲ-ወከፍ ቆልዓ ካብ ዝውለድ ጀሚሩ ክሳብ ኩሉም ዓይነት ክታበት ዝውድእ ብናይ ግዜ ሰሌዳ ተኸታቲሉ እንተዘይተኸቲቡ፡ ንኡብሱን ወለዱን ከበቢኡን ክሳብ ሃገር ዝዝርጋሕ ሳዕቤን ስለዘለዎ፡ ኩሉ ሕብረተሰብ ክሳብ ኮም ዝወርድ መደባትን ናይ ስራሕ ምትእስሳርን ብምፍጣር፡ ስጡም ዕዮ ደጸበየና ከም ዘሎ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ብኣጋጣሚ ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ መልእኽቱ የመሓላልፍ።

"ክታበት ማሰል ኩሉ'ዩ፡ ንድሕነትና ኩልና ንጠቐመሉ"

**ሚኒስትሪ ጥዕና**
**ሚያዝያ 2025**

**ዜና**

# "ቃጸሎ ቁርበትን መስበርቲ ዓጽሚን፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮ እዩ" ሞያውያን


ሰኣላይ ሮቤል መረስዕ

ቃጸሎ ቁርበት፡ ማስበርቲ ዓጽሚን ምጭብባጥ ጅማውትን ዘጋጠሞም ሰባት፡ ቀልጢፎም ሕክምናዊ ረድኤት ክረኽቡ ከምዘለዎም ሞያውያን መኺሮም።

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓለፍቲ ሓለፍቲ ክፍልታት ኣገልግሎት ሕክምና ዓጽምን ቃጸሎን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኑቲ ዝኸሰት ጥዕናዊ ጸገማት ብሓገዝ ምዕቡል መሳርሒታት ኣለሊኻ ክትፍውሶ ስለዝቐልልን ስለዘድምዕን፡ ዜጋታት ቅድሚ ዝኣገረ ኣብ ቀረብኦም ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ረድኤት ክረኽቡ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ ክፍሊ ሕክምና ዓጽምን ጅማውትን ዶ/ር ዮኤል ኣብርሃም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 2024 ንልዕሊ 2,200 ሕሙማት መጥባሕቲ ዓጽሚ ከምእተገበረ፤ ካብ'ቲ ዝተኻየደ እቲ 118 ድማ ምስ ወጻእተኛታት ክኢላታት ብምትሕብባር ዝተዓመ ምኻኑ ኣነጺሩ።

ንኣገልግሎት ክፍሊ ቃጸሎ ኣመልኪታ ሓበሬታ ዝሃበት ዶ/ር ፍናን ጉብረህይወት ብወገና፡ ካብ 10 ክሳብ 20 ሚእታዊት ክፋል ኣካላቶም ዝሓደደ ዜጋታት ደቂሶም ከምዝሕከሙ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2024 ብጠቕላላ ኣገልግሎት ካብ ዝረኸቡ 1490፡ እቶም 356 ከቢድን ፈኩስን መጥባሕቲ ከምእተኻየደሎም ሓቢራ።

ሕብረተሰብ ኣብ ግዜ ቃጸሎ ብዘልማድ ብላምባ፡ ቡን፡ ተምሪ፡ ኮልጌትን ካልእን ዝጉበር ፍወሳ ካብ ምጥቃም ተቖጢቡ፡ ግዳይ ክሳብ ሕክምናዊ ረድኤት ዝረክብ ማይ ዝሑል ጥራይ ከዘውትር ድማ ኣዘኻኺራ።

# ጎልጅ - ዕቃብ መበቈላዊ ኣግራብ ብዕቱብ ክሰራሓሉ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ዝርከብ መበቈላዊ ኣግራብ ንምዕቃብን ንምስፍሕፋሕን ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ሓረስቶትን ጓሶትን ድማ ብፍላይ ካብ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ክሕለዉ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

መበቈላዊ ሃብቲ ገረብ ብብዝሒ ዝርከቦ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ክረምታውን ማሰኖኣውን ሕርሻ ዘካይዱን ጓሶት ብብዝሒ ዝንቀሳቐሱሉን ብምኻኑ ቀጻሊ ብርሰት ኣግራብ ከምዝረአዩ ዝሓብሩ ወሃብቲ ርእይቶ፡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝጥፍኡ ዜጋታት ኣጉዳሰኦት ዕቃብ መበቈላዊ ኣግራብ ብዓበይቲ ተገዚዞም፡ ተግባራቶም ደው ክብሉ ተማሕጺኖም።

ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ሕርሻን ክርትን ዝተተኽለ ኣግራብ እወታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ከምዘሎ ብምጥቃስ ድማ፡ ክርቲ ኑቲ ፍሉይ ቦታ ናይ ምዕቃብ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ኑቲ ምንጪ ዘርኢ መበቈላዊ ገረብ ገረድ ኩይት ዝርከቦ ስፍራ ከውሕስዎ ተላብዮም።

ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን መንእሰይ ሁመድ ሓምድ ብወገኑ፡ ኣብ ከባቢ ኦምሓጀር ዝርከብ ዓበይቲ ኣግራብ ገረድ ናብ ካልእ ከባቢታት ንኽሰፍሕ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ጓሶትን ሓረስቶትን ካብ ዘይሓላፍነታዊ ብርሰት ክቑጠቡ ጸዊዑ።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሚ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 08:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 08:02 | ቅድድም ማኪናን ሞቶር ሳይክልን - ብቐጥታ |
| 13:30 | ፊልም ዳግር |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:20 | ፊልም ፈንቅል |
| 17:55 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ኣሚራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስፖርት ስነጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቒ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናጊ

ማርታ ክብሮም

## ዝጠንተዋ ከተማታት ዓለም



1. **ደማስቆ - ሶርያ፦** ኣብ ዓመተ 3000 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተመስረተት ኮይና ካብ ዓለም እታ ዝጠንተወት ከተማ ምኻና ይግለጽ። ከተማ ደማስቆ ኣብ መንጎ ኤሲያን ኣፍሪቃን ስለትርከብ ማእከል ንግድን ዝተፈላለዩ ባህልታትን ኮይና ከምዝነበረት ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ ኣካል ሀለንስቲክ፡ ሮማ፡ ባዘንታይን ስልጣኔ ምስልምናን እያ። ኩሎም እዞም ዝተገልጹ ስልጣኔታት ኣብ ከተማ ደማስቆ ጽልዋ ዘሕደሩ እዮም። ብመሰረት ዩኔስኮ፡ ኣብታ ከተማ ዝርከብ ብዙሕ ዓመታት ዝቖጸረ መስገድ ሞዴል ናይ ኣዕራብን ከተማታት እስልምናን ክኸውን ክኢሉ እዩ። ሎሚ ከተማ ደማስቆ ኣስታት 2.6 ሚልዮን ነበርቲ ኣለዉዋ።

2. ከተማ ያሪኮ - ምዕራብ ፍልስጤም፦ ያሪኮ ልዕሊ 11,000 ዓመት ዕድመ ዘለዋ ከተማ እያ። ኣብ ምዕራብ ፍልስጤም ኣብ ከባቢ ሰንጭሮታት የርዳኖስ ተደኩና ድማ ትርከብ። ብመሰረት ጭብጥታት ስነ ኩዕታ፡ ኣብ'ታ ከተማ 23 ቀጻሊታት ብኹዕታ ከምዝረኸቡ ይገልጹ። ኣብ ግዜ ኩዕታ፡ ኣሰራት ሃደንቲ፡ ብእምኒ ዝተሰርሑ መናድቕን ከምዝረኸቡ'ውን ሓቢሮም። እዚ ድማ ያሪኮ ብእምኒ ዝተኣደቀት ድልድልቲ ከተማ ከምዝነበረት ክድምድሙ ክኢሎም እዮም። ሎሚ ብዝሒ ህዝቢ ያሪኮ ካብ 20,000 ዝሓልፍ ኣይኮነን።

3. **ፋዩም - ግብጺ፦** ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ፈለግ ኒል ትርከብ ፋዩም ኣብ ከባቢ 4000 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እያ ተመስሪታ። ጥንታውያን ግብጻውያን ነዛ ከተማ 'ሸደት' ኢሎም ክጽውዕዋ ከለዉ፡ ግሪኻውያን ከኣ 'ክሮኮዲሎፖሊስ' ኢሎም ይጽውዕዋ ነበሩ። ግሪኻውያን ዘምልኽዎ ዝነበሩ 'ፐትሱቾስ' ዝበሃል ኣምላኽ ሓርገጽ ኣብዛ ከተማ ነበረ። ካብ 1938 ክሳብ 1756 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ መበል 12 ንግስነት ግብጺ ኣብዛ ከተማ ተደኩኑ ከምዝነበረ ዝገልጽ ኣሰራት'ውን ክርከብ ተኻኢሉ እዩ። ናይ ሎሚ ከተማ ፋዩም፡ ማእከል ንግዲ ኮይና ከባቢ 433,000 ነበርቲ ዘለዋ ከተማ እያ።

4. **በይሩት - ሊባኖስ፦** ተመራመርቲ ስነ ኩዕታ፡ ኣብ ዓመተ 3000 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ሰባት ኣብ ከተማ በይሩት ይነብሩ ከምዝነበሩ ዝገልጽ ኣሰራት ረኺቦም እዮም። እታ ከተማ ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣዕናዊ ምንቅጥቃጥ መሬት ኣጋጢሙዋ ብምንባሩ፡ ሰዓብቲ ነቢይ መሓመድ ኣብ 635 ዓመተ ምህረት ናብ ከተማ በይሩት ክመጽኡ ከለዉ፡ ምሉእ ብምሉእ ዓንያ ከም ዝጸንሓቶም ይንገር። ኣብ ማእከላይ ዘመን ግና ዕምርቲ ማእከል ንግዲ ክትከውን ግዜ ኣይወሰደትን። ኣብ መጀመርታ 1900ታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ፈረንሳ ምስ ኣተወት፡ ብዙሓውን ዓሌታውን ግርጭት ነታ ከተማ መሊሱ ስለዘዕነዋ ናብ'ዚ ናይ ሎሚ ሒዂቶ ዘላ ቅርጺ ንኽትሕዝ ግዜ ወሲዱላ እዩ። ሎሚ ከተማ በይሩት 2.4 ሚልዮን ህዝቢ ይቕመጣ።

5. **ኣቴንስ - ግሪኽ፦** ጥንታዊት ከተማ ኣቴንስ ካብ ግዜ ስቶን ኤጅ ኣትሒዙ ሰባት ይቕመጡላ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። መጀመርታ ከም ከተማ ዝተመስረተትሉ ግና ኣብ ግዜ ስልጣኔ ማይሰንያን ኣብ 1200 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እዩ። ኣቴንስ ሓንቲ ካብተን ማእከል ፖለቲካን ትምህርትን ዝነበረት ከተማ እያ። ኣቴንስ ኣብ 480 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብወራር ፋርስ ዓነወት። ኣቴንስ ኣብ ግዜ ግዝኣት ሮማን ኦቶማን ናይ ቱርኪ እውን ክሳብ ኣብ 1821 ናጽነታ ትረክብ ከም ቀንዲ ከተማ ኮይና ኣገልጊላ እያ። ሎሚ ኣብ ኣቴንስ ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ጥንታውያን ሓወልትታት መስሕብ በጻሕቲ ኮይኖም ይርከቡ። ኣቴንስ ካብ ከተማታት ኤውሮጳ እታ ዝጠንተወት ርእሰ ከተማ ኮይና ከባቢ 3.15 ሚልዮን ህዝቢ ይነብራ።

## ኣንቶኒ ሮብለስ




ኣብ 1988 ኣብ ኣመሪካ ተወሊዱ። ንሱ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ጠንቂ ሓንቲ እግሪ ጥራይ ሒዙ እዩ ተወሊዱ። እንተኾነ ምስ ኩሉ ብድሆታቱ ክኣብርን ንሰብት ኣብነት ክኸውንን ስለዝደለየ፡ ዐምቡላ እግሪ ክጥቀም'ውን ኣይወሰነን። ምስ ኣቃውማኡ ዘይሰማማዕ ጸዕቕ ኣካላዊ ንጥፈታት ብምግባር፡ ኣብነታዊ ተቓላሳይ ኮነ። ከም ውጽኢቱ ኣብ 2011፡ ኣብ ናይ 125 ፓውንድ ቅልስ ሻምፕዮን ክኸውን ከኣለ - ኣንቶኒ ሮብለስ።

ሮብለስ ተማሃራይ ሻዱሻይ ክፍሊ ከሎ ካብ ቤት ትምህርቱ ብስፖርታዊ ንጥፈታቱ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ተማሃሮ እዩ ነይሩ። ተማሃራይ ሻሙናይ ክፍሊ ምስ ኮነ ድማ ኣብ ጸወታ ቅልስ ክሳተፍ ጀመረ።

ኣብ ጸወታ ቅልስ ንኹሉ ዝበሮ ማሕለኻታት ብዓወት፡ ካብ ኣርባዕ ሻዱሻይ ዝበለጸ ተቓላሳይ ክኸውን ከኣለ። ጸኒሑ ድማ ሻምፕዮን ናይ ኣርባዕ ክኸውን በቕዐ።

ሮብለስ ወላ'ኳ ኣብ ብዙሕ ስፖርታዊ ንጥፈታቱ ኣብነታዊ እንተነበረ፡ ናብ ኮሌጅ ሎዋ ምስ ኣተወ ከሰልጥኖ ፍቓደኛ ዝኾነ ኣሰልጣኒ ክረክብ ኣይከኣለን። ኣብ መወዳእታ፡ ኮርኔል ዝተባህለ ኣሰልጣኒ ፍቓደኛ ኮነ። ኣብ 2006 ድማ ብደረጃ ዓለም ካብ ናይ ጁንየር ኣብ 55 ኪሎ ግራም ሻዱሻይ ደረጃ ሓዘ። ድሕሪ'ዚ መትሓዚ ዘይተረኽቦ ሮብለስ ኣብ ብዙሕ ውድድራት ሳዕለዋይ ኣይ ክሕዝ ኣይተጸገመን።

ኣብ ጥሪ 2012 ሮብለስ ብማሕበር ስፖርትኛታት ፊላደልፍያ ንስለ ትብዓቱ ዝገልጽ 'ተባዕ' ዝተሰምየ ሽልማት ክሽለም በቕዐ።

ኣንቶኒ ካብ 2022 ጀሚሩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣልማ ማዝር ከም ኣሰልጣኒ ኮይኑ ክሰርሕ ጀሚሩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ብዙሕ ቦታታት እናተንቀሳቐሰ ንሰብት ታሪኽ ህይወቱ እናኣካፈለ ኣብ ምትብባዕ ይርከብ።

ሮብለስ ኣብ 2012 ብዛዕባ ታሪኽ ህይወቱ ትገልጽ 'ኣንስቶፓብል' ትብል መጽሓፍ ክጽሕፍ ክኢሉ እዩ።

## ሳብ ማሪን



ሳብማሪን ንውተሃደራዊ ጥቕሚ ዘገልግል ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ሰጢሙ ክንሳፈፍን ክንቀሳቐስን ዝኽእል ዓይነት መርከብ እዩ።

ሎሚ ሳብማሪን ካብ ዝመሃዘ ልዕሊ 500 ዓመታት ኣቑጺሩ ይርከብ። ኣብ'ቲ እዋን ዝነበራ ሓያላን ሃገራት ኮይነን ኣብ ሓድሕደን ዘካይዳኦ ዝነበራ ውግኣት ንስለያዊ ጥቕሚ ብዝዑበል ምኽንያት ብውሽጢ ባሕሪ እትገዓዝ መርከብ ክሰርሓ መደባ።

ከም ውጽኢቱ ድማ ሓያላን ዝበሃላ ዝነበራ ሃገራት ከም ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ኣመሪካ፡ ጀርመንን ኢጣልያን ብኤለክትሮኒካውን መካኒካውን ትሰርሕ ምዕባለቲ ሳብ ማሪን ንምምዕባል ተበግሶ ብምውሳድ ዓቢ ጻዕሪ ኣካየዱ።

ኣብ 1775 ኣመሪካዊ ዴቪድ ቡሽነል፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ሳብ ማሪን ዝሰመያ ምህዞ ክሰርሕ ከኣለ። ኣመሪካ ብመገዲ ናይ'ዚ ብወዲ ሃገራ ዝተማህዘ ናይ መርከብ ውግእ ዝኾነ ምህዞ ተሓጊዛ ንብሪጣንያ ከተጥቕዕ ከምዝኸኣለት መዛግብቲ ታሪኽ ይገልጹ።

ሳብ ማሪን ንውተሃደራዊ ጥቕሚ ብዝያዳ ድማ ንውግእ ተባሂላ ዝተሰርሐት ከም ምኻና መጠን ብፍሉይ ጥቡብን ውሕልነትን ዝተሰርሐት እያ። ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ክትገዓዝ ዘኽእላን ካብ ምጥሓል ዝከላኸለላን መሳርሒ ዝወሃበት እያ። ዝተፈላለዩ ንጹቕጢ ማይ ዝበድሁ ዓበይቲ ፍሕኛታት ዝዓጠቐት ሳብ ማሪን ድምጺ ኣልቦ'ውን እያ።

ብዘይካ'ዚ ወተሃደራዊት ሳብ ማሪን ዝተፈላለየ ምዕቡል ናይ ኩናት ኣጽዋር እውን ዝዓጠቐት እያ።

## ምልክታት ጽቡቕ ፋል

ብመሰረት ጽውጽዋያት ሮማ፡ ሃጼ ኔሮ ከም መግለጺ እቲ ዝነበሮ ሃብቲ፡ ንፈረሱ ካብ ወርቂ ዝተሰርሐ ጫማ ከጉብረሉ ደለየ። እንተኾነ ወላ'ኳ ኑቲ ጫማ እንተሰርሖ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ካብ እግሩ ወጺኡ ክጠፍእ ከምዝኽእል ይሓስብ ነበረ። ገለ ሰባት ድማ ፈረስ ናይቲ ሃጼ ሓንቲ መዓልቲ ጫማኡ ክሞልቆ'ሞ ወሃንቲ ወርቂ ጫማ ክኾኑ ሃረር ይብሉ ነበሩ። ካብ'ዚ ግዜ ኣትሒዙ ድማ ጫማ ፈረስ ከም ምልክት ጽቡቕ ፋል ክሕሰብ ጀሚሩ ይበሃል።

ጥንታውያን ግሪኻውያን ንመርዓት ዓይኒ 'ማትያስማ' ኢሎም ይጽውዕዋ ነበሩ። ቱርካውያን ድማ 'ናዛር ቦንጁክ' ይብልዋ ነይሮም። እዞም ህዝብታት፡ መርዓት ዓይኒ ኣንጻር ኣሉታውያን ሓይልታት ከምትከላኸል ይኣምኑ ነበሩ። ስለዚ ጥንታውያን ግሪኻውያንን ቱርካውያንን ካብ ክገጥሞም ዝኽእል ሕማቕ ፋል ንምክልኻል ምልክታት ሰማያዊ ዓይኒ ኣብ ክሳዶም፡ ሰራሓምን ገዛኦምን ይገብሩ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። እታ ዓይኒ እንተተበላሸያ ወይ ተሰይራ ግና ሕማቕ ተረኺቦ ይመጽእ ከምዝሎ ስለ ዝኣምኑ ኣዝዮም ይፈርሑ ከምዝነበሩ ይግለጽ።

ኣብ ገለ ባህልታት፡ ሕንዚዝ ከም ተራ ሓሸኻ ዘይኮነ ከም ቅዱስ እንስሳ እዩ ዝሕሰብ። ሕንዚዝ ንገለ ግዜያት ከይሞተ ኣካላቱ እናኣሐደሰ ክነብር ስለዝኽእል፡ ሓዲሽ ህይወት ክህብ ከምዝኽእል እዮም ዝኣምኑ። ብዘይካ'ዚ ካብ ኣምላኽ ዝተላእኩ መልእኽቲ ስለዝመሳልሱ እዚ ሓሸኻ ናብ ገዛኻ ምስ ዝኣቱ መዓልትኻ ተባሪኻ ከምትውዕል እዮም ዝኣምኑ። ኣብ ባህሊ ግብጺ እዚ ንእሸቶ ሓሸኻ ምልክት ዳግም ምውላድ'ውን ይሕሰብ እዩ።



ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ምድሪ ዝወደቐት ሳንቲም ምስ እትረክብ ጽቡቕ ፋል ከም እተምጽኣልካ ይኣምኑ። ስለዚ ሳንቲም ዝረኸበ ሰብ ሒዙዋ ናብ ገዛኡ ክኸይድ ናጻ እዩ።

ብዙሓት ጥንታውያን ቀቢላታት፡ እግሪ ማንቲለ ክፉኣት መናፍስቲ ከምዘሰጉግ ስለዝኣምኑ ወላ ናይ ብሓቂ እግሪ ማንቲለ ኣይርከቡ ዐምቡላ ማንቲለ ናብ ገዝኦም ሒዞም ናይ ምኻድ ልምዲ ነይሩዎም።

ኣብ ሃገራት ኤሲያ፡ ሓርማዝ መጺኡ ኣብ ኣፍደገ ገዛኻ ደው እንተኢሉ ከም ምልክት ጽቡቕ ፋል እዩ ዝውሰድ። ስለዚ ብፍላይ ኣብ ህንዲን ታይላንድን ኣብ ኣፍደገ ዱኳናትን ትካላትን ስእሊ ሓርማዝ ተንጠልጢሉ ምርኣይ ልሙድ እዩ።

ኣብ ጃፓን'ውን ድሙ ከም ምልክት ጽቡቕ ፋል ትውሰድ እያ። ስለዚ ድማ ብዙሓት ጃፓናውያን ኣብ ቤቶም ድሙ ከጥርዩ ይብህጉ። ሕብሪ ናይታ ድሙ ግና ወሳኒ እዩ። ኣብታ ሃገር ጸላም ድሙ ተባሂጊ ኣይኮነትን።



# ኣከባቢ







ዓንዱም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)


# ሓፈሻዊ ዳህሳስ ካዳስትራዊ ስርዓታት ዓለምና

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕታም ዓምዲ ኣከባቢ፡ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝተዳለወ ጽሑፍ፡ "ካዳስትራዊ ምዝገባን ክፍሊት ኣገልግሎትን" ዝብል ኣርእስቲ ምቕራብና ይፍለጥ። ኣብ ናይ ሎሚ ኸኣ፡ "ሓፈሻዊ ዳህሳሳዊ ካዳስተራዊ ስርዓታት ዓለምና" ብዝብል ተዳልዩ ኣሎ።

ምዝገባ መሬት ይኹን ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ምስ ምጅማር ቀዋሳዊ ንጥፈታት ፈሊሙ። ቀዋሳ (ምዕቃን) መሬት፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ጥንታዊት ግብጺ ከም ዝፈለመ ይእመን። ቀዋሳ፡ 'ጥቡብ ምዕቃን መኣዝን (ኣንፈት) ወይ ምሕንጻጽ ምልክታትን ዶብትን ንምውሳን ማለት'ዩ። ኣብ ወሰናስን ፈልግ ኒል ቀዋሚ ሰፈራ ህዝብን ማሕበራዊ ሕርሻን ብምጅማሩ፡ ንፍሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት፡ ቃጽያ መሬት ተዓዲሉ። ተዓዳሊ ዝተዓደለ መሬት ድማ፡ ኣብ መዝገብ ክሰፍር ጀሚሩ። ከም'ዚ ኣሉ ቀዋሳን ምዝገባ መሬትን ኣብዝን ቀዳሞት ማዕከል ስልጣኔ ዝኾና ሃገራት፡ ግብጺ፡ ማእከላይ ምብራቕ (ሞሶፖታምያ፡ ሎሚ ዒራቕ)፡ ህንዲ፡ ቻይና ወዘተ. ተጀሚሩ። ካዳስትራዊ ምዝገባ ግን ድሒሩ ኣብ 18 ክፍለዘመን ኣብ ፈረንሳ እዩ ፈሊሙ።

ቀንዲ ዕላማ ምጅማር ካዳስትራዊ ምዝገባ ግብሪ መሬት ንምእካብ ነበረ። ሃጼ ናፖልዮን፡ ናብ ሩስያን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ዝበሮ ጥሙሕ ምስፍሕፋሕ ንምርዋይ፡ ኣማኢት ቀዋስቲ መሬት ብምስልጣን መሬት መቓቐሊ ጽሬጋታት ዓደሎን ከም ዝምዝገብ ገበረ። ካብኡ ዝተኣከበ ገንዘብ ድማ፡ ንመዓላ ወራሪ ሰራዊቱን ወተሃደራዊ ንዋትን ኣውዓሎ። ብስዕረት ተኾሊፉ ኣይሰለጦ'ምበር፡ ቀንዲ ዕላማ ወራሩ ሰፊሕ መሬት ሩስያ ንምግባት'ዩ ዘበረ።

ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ፈረንሳ (ኤውሮጳ) ክጅምር እንከሎ፡ ግብሪ መሬት ንምእካብ ነበረ። ሕጂ'ውን ከይተረፈ ካዳስተር ፈረንሳ 'ፊዚካላዊ' (ገንዘባዊ) ካዳስተር ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ይኹን'ምበር፡ ዝ. ዕላማዚ ጥራይ ኣይኮነን ዝሰርሕ። ብዙሓዕላማ ካዳስተር ዘጠቓልል'ዩ። ኣብ ካልኦት ሃገራት፡ ከም ኣብ መብዝሕትአን ዞባታት ህንዲ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ኡጋንዳ፡ ዛምብያ፡ ኬንያ፡ ሩዋንዳ ወዘተ. ዝተመሓየሸ ስርዓት ሓበሬታ መሬት፡ ግብሪ መሬት ወይ ክራይ መሬት ንምእካብ ዝዕላማኡ ኣማዕበለንን ኣመሓይሸንን ደርካቦ። ምእካብ ግብሪ ወይ ክራይ መሬት፡ ሓደ ካብ ምንጪ እቶት ሃገራት እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ንምዝገባ መሬት ክዩፍኣን ኣታዊታት ዝዕብዩ ብልሓት ከተኣታትዋን ደርከቦ።





ዘመናዊ ካዳስተር

ብዙሓት ሃገራት ዓለም ብዙሕዕላማ (multi-purpose) ካዳስተር እየን ዘዘውትራ። እዚ. ድማ ግብሪ ወይ ክራይ መሬት ንምእካብ፡ ውሕስነት ተጠቃምነት ወይ ዋንነት ኣብ ብሕታዊ ዋንነት ዘለወን መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ. መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ንምውሓስ፡ ስሉጥ ምትሕልላፍ ንብረት ንምርግጋጽ፡ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ንምቕራብ፡ ኣጠቓቕማን ጸጋታትን መሬት ብውጥን ንምምራሕ፡ ዘላቒ ኣከባብያዊ ዕቃብ ምዕባለ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ልዕሊ. መሬት ተሃኒጹ ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ብትሕዝቶ ልቓሕ ካብ ባንክ ንምርካብ፡ ቀጸራ ህዝቢ. ንምክያድ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝዝርጋሕ ካርታ (ማስመር) ኣገልግሎታት፡ ከም ኤለክትሪክ፡ ቴለፎን፡ ማይ፡ ደረቕን ረሳሕ ፈሳስን ወዘተ. ብካርታ ዝተሰነየ ሓበሬታ ይህብ። መብዝሕትኦን ምዕቡል ዲጂታል ካዳስትራዊ ስርዓት ዝተኸለ ሃገራት ኤውሮጳን ኤሲያን ዚ. ኣብ ትሕቲ መሬት ዝዝርጋሕ ካርታ ይጥቀማሉ እየን። ብተወሳኺ፡ ሓደጋታት ንምውሓድን ዘላቒ ምዕባለ ንምውሓስን፡ እሳተ-ጎመራ፡ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ወዘተ. ዝኽሰትሉ ከባቢታት ከምኡ'ውን ብኣጠቓቕማ መሬት ዝተለለዩ ቦታታት ሕርሻ፡ ዕደና፡ መዘናግዒ፡ ሃገራዊ 'ፓርክ'፡ ስነጥንታዊ ወዘተ. ኣብ ካዳስትራዊ ካርታ ይሰፍሩን ይምዝገቡን እዮም። ከም'ዚ. ዝተገልጸ ዘመናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ንብዙሕዕላማ ዘገልግል'ኳ እንተኾነ ኩለን ሃገራት ብማዕረ ይጥቀማሉ ማለት ግን ኣይኮነን። ብዙሓት ሃገራት ኣብ'ዚ. ደረጃ ምዕባለ ኣይበጽሓን። ቁጸራ ህዝቢ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ሸወደን'ዩ ምስ ካዳስትራዊ ስርዓት ዝተወሃሃደ።

ስለምንታይ እየን ግን ኩለን ሃገራት ዓለም ሓደ ዓይነት ካዳስተር ዘይጥቀማ? ሃገራት ኣብ ታሪኽ፡ ያታን ባህልን፡ ቁጠባዊ ድሕረ ባይታ፡ ደረጃ ምዕባለ፡ ዝኽተልኦ ፖለሲ. ወዘተ. ዝተመርኮሰ ፍልልያት ኣለወን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብ ዝውቃረን ዕላማታትን ካዳስትራዊ ስርዓት ክፈላለዩ ደርኣዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሸወደንን ኖርወይን ምዝገባ መሬት ኣብ ትሕቲ ኣብያተ ፍርዲ ይካየድ። ብመገዲ. መርበብ ሓበሬታ ድማ፡ ምስ ካዳስትራዊ ስርዓት ሓበሬታ ይተኣሳሰር። መሬት ኣብ ሃገርና፡ ብመገዲ. ክፍሊ. መሬት ተማሰሪሑ ይዕደል። ሰድ ውዕል ክራይ መሬት (ማሰል ተጠቃምነት) ይወሃቦ። እቲ መሬት ንንግዳዊ ሕርሻ ምስ ዝኾውን ከኣ፡ ሰነዳት ውዕል ክራይ መሬት፡ ዝተቐየሰ ፕላንን ካልእ ሰነዳትን ኣማለኡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ይምዝገብ።

ኣብ ገለ ሃገራት ምዕራባውን ማእከላይን ኤውሮጳ፡ ኣብ ከም ጀርመን፡ ኦስትሪያ፡ ስዊዘርላንድ፡ ሆላንድ ዝኣመሰለ ሃገራት፡ ስርዓታት ካዳስተርን ምዝገባ መሬትን ንመግለጺን ስእልን (ካርታ) ሓበሬታ ዘጠቓልሉን ብቐረባ ዝተኣሳሰሩን እዮም። ኣብ ካልኦት ሃገራት ከም ስጳኛ፡ ኢጣልያ፡ ፖርቱጋል፡ ግሪኽ ወዘተ. ዝኣመሰለ ኸኣ ብናይ ፈረንሳ ካዳስትራዊ ስርዓት ዝተጸልዋ ብምዃነን ስርዓታት ካዳስተርን ምዝገባ መሬትን ብቐረባ ዘይተወሃሃዱ እዮም። እቲ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ካዳስትራዊ ስርዓት ዝርአ ፍልልይ፡ ጽልዋኡ ኣብዘን ኣብ ትሕቲ መግዛእተን ተቘሪበን ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ጎዲፉ'ዩ። ኤውሮጳዊ መግዛእቲ፡ ንመግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ወሲኽካ፡ ንምዕባለ ያታውን ኮማውን ትሕዝቶ መሬት ኣፍሪቃ ዓንቂፍዎ እዩ። ንኣብነት፡ እቲ ጽልዋ ኣብ ትሕቲ ናይ ቀደም ግዝኣት ፈረንሳ (ፍራንኮፎን) ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ከም ኣልጀርያ፡ ሰኔጋል፡ ኒጀር ወዘተ ጉሊሑ ደርኡ። ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን'ውን ኣብ ሕግን ልምድን ዓባይ ብሪጣንያ ተመርኲሱ ዝተኣታተወ ብስርዓት-ቶረንስ ዝፍለጥ እዩ።

ስርዓት-ቶረንስ ብጋይኡ ጽልዋኡ ኣብ ሃገራት ምብራቕን ደቡብን (ከንያ፡ ታንዛንያ፡ ዩጋንዳ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ወዘተ.) ምዕራብን ኣፍሪቃን ካናዳን ደሚቑ ደርኡ። እዚ. ዓይነት ካዳስተር ንኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ተባሂሉ ዝተኣታተወ ብኸልተ ምኽንያታት ንሃገራት ኣፍሪቃ ከገልግል ዘይድገፍ እዩ። ብቐዳምነት፡ ኣብ ኣውስትራልያ ደቂ-ሰብ ዘይሰፈርዎ፡ ሰፊሕ ድንግል መሬት ኣብ ቃጽያታት ክፉፈልካ ንምዕዳል ተባሂሉ ዝተኣደፈ ነበረ። ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ምእታው ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ሰፊሕ መሬት ብያታውን ኮማውን ኣገባብ ተታሒዙ እዩ ጸኒሑ። ሰፊሕ ናጻ ድንግል መሬት ኣይነበረን። ብተወሳኺ፡ ስርዓት ቶረንስ ልዑል ቴክኒካዊ ልክዕነት ቀዋሳ ይጠልብ። እቲ ቀዋሳውን ምስ ወሀድ ጂኦግራፊያዊ ሃገራዊ ስርዓት (National Coordinate System) ክተኣሳሰር የድልዮ። እዚ. ዝለዓለ ዋጋ (ወጻኢ.) ምስ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝኸይድ ኣይኮነን።

ካዳስትራዊ ስርዓት ሃገራት ሰሜን ኤውሮጳ (ስካንዲናቭያ)፡ ከም ደንማርክ፡ ሽወደን፡ ፊንላንድ፡ ኖርወይ ዝኣመሰሉ፡ ብፍላይ ናይ ፊንላንድን ሸወደንን ካዳስተርን ምዝገባ መሬትን ዝተወሃሃዱ እዮም። ካዳስትራዊ ስርዓታት እዘን ክልተ ሃገራት ብመገዲ. 'ሰንሚ ካዳስተር' ዝምዕበሉ እዮም። ሰንሚ ካዳስተር፡ ናይ ቀደም ምዝገባ ከይሸፈነ ምስ ምዕባለ ተሳንዩ ንኽኸይድ ንዕኡ እናኣማሓየሸን እናኣማዕበለን ዝኸደ እዩ። ካዳስትራዊ ስርዓት ሽወደን ቀጸቢታዊ (automated) ኣብ ማስመር ኢንተርነት ዝርከብ (online)፡ ዝተወሃሃደ ስርዓት ካዳስተር፡ ምዝገባ መሬት፡ ግብሪ መሬት፡ ባህርያዊ ቡቕሊ፡ ሓበሬታ ትሕተ-ብዩታዊ ማስመራት ትሕቲ መሬት ኣገልግሎታት፡ ቁጸራ ህዝቢ፡ ወዘተ የጠቓልል። መብዝሕትአን ሃገራት ኤውሮጳን ገለ ሃገራት ኤሲያን ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካን ከኣ ወሀድ ዲጂታል ካዳስተር ኣማዕበለንን ኣብ ምምዕባል ደርከበን።

ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ክሳብ ፈለማ 1990'ታት ካብቲ ናይ ምዕራብ ኤውሮጳ ዝተፈልየን ዘይማዕበለን ነበረ። ብዙሓት ካብአን፡ ከም ቸክ ረፓብሊክ፡ ቡልጋርያ፡ ፖላንድ፡ ሃንጋሪ፡ ሩመንያ፡ ስሎቫክያ፡ ወዘተ. ኣባል ሕብረት ሶቭየት ወይ ኣብ ትሕቲ ጽልዋኣ ዝነበራ ያታዊ ካዳስተር ዝዕብለሎ ነይሩ። ካዳስትራዊ ስርዓት ኤርትራ'ውን ብተመሳሳሊ. ያታውን ወለንታውን ኪዩኑ'ኳ እንተ ጸንሐ፡ ዲጂታል ካዳስተር ንምምዕባልን ግድነታዊ ምዝገባ ንምትግባርን ይጽዓር ኣሎ። ኣብ'ዚ. እዋን መብዝሕትኦን ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ፡ ብሓገዝ ሕብረት ኤውሮጳ ምምሕያሽን ዝኣን ኣብ ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣተኣታትየን ኣብ ምምዕባል ዲጂታላዊ ካዳስተር ደርከባ። ኣብ ፈደረሽን ሩሲያ'ውን ካዳስትራዊ ስርዓት ኣብ ስሉጥ ምምዕባል ደርከቡ።

ብሓፈሻኡ፡ ካዳስትራዊ ስርዓት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ጽልዋ ኣንግሎሳክሶንን (እንግሊዝ) ፍራንኮፎንን (ፈረንሳ) ዘለዎን ብቐረባ ዘይተወሃሃደን እዩ። ስርዓታት ካዳስተርን ምዝገባ መሬትን ከምቲ ዝድለ ኣይሰሰሙን። ኣብ'ዚ. ቀረባ እዋን ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ካብ 75 ክሳብ 90 ሚእታዊት ካብ መሬት ኣፍሪቃ ኣይተመዝገበን። ከም ሳዕቤኑ፡ ድኸም ምሕደራ መሬትን ትሑት እቶታውነትን ብምኽንያት፡ ሕሰም ድኽነትን ጥሜትን ንምግልጋናት ኣህዛብ የሳቒ ኣሎ።

ኣህዛብ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ድኽነትን ሕሰም መቱብርን ዝማገሰኡ፡ ሰራሕ ንምድላይን መቱብርም ንምምሕያሽን ካብ ገጠራት ናብ ከተማታት ብብዝሒ. ክውሕዙ ደርኡ። ኣብ ከቢ. ከተማታት ድማ ካብ ፕላን ወጻኢ. ሰፈራታት (ሻውላት) ሃጺም ይህብሩ። ዘይስሩዕ (ዘይተወጠነ) ሰፈራታት፡ ንስሩዕ ኣገልግሎታት ኤለክትሪክ፡ ማይ፡ ቴለፎን፡ መጎዓዝያ ምርካብ ኣጸጋሚ ንካዳስትራዊ ምዝገባ'ውን ዓቢ. ብድሆ እዩ። ኣብ ከቢ. ጆሃንስበርግ (ደቡብ ኣፍሪቃ) ንኣብነት፡ ካብ ፕላን ወጻኢ. ዝተሃንጹ ሰፈራታት (ሻውላት) 10'ታት ኣሽሓት ዝበጽሕ ኣብይቲ ዝሓዘ 360 ሻውላዊ ሰፈራታት ኣሎ። እዚ. ሽግር'ዚ፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ካልኦት'ን'ውን ኣሻቃሊ. ኩይኑ ደርከቡ።

ኣብ ኤርትራ ሃገርና'ውን ኣብ ከተማታትን ሓውሲ. ከተማታትን ብኣሽሓት ዝቖጸር ካብ ፕላን ወጻኢ. ዝተሰርሐ ኣብይቲ ደርከቡ። ካብ ፕላን ወጻኢ. ዝተሰርሑ ኣብይቲ፡ ከተማ ንኸይምዕብልን ስሩዕን ስሉጥን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንኸይቕረብን ዕንቅፋት እዮም። እዚ. ተርእዮታት'ዚ፡ ኣብዘን ምዕቡላት ሃገራት ዝበሃሉ'ውን (ከም ሕቡራት መንግስቲታት ኣመሪካ) ብጾዕቒ ህዝቢ. ኣብ ዝዕበዩ ከባቢታት፡ ሰፈራታት (ሻውላት) ደርከቡ። ንምምዕባሎም ቀሊል ብድሆ ኣይኮነን። ዚ. ብፍላን ንምህናጽ ዝወጸእ ገንዘቡ ከቢድ ቀጠባዊ ጾር፡ ንካዳስትራዊ ምዝገባ ድማ ዓቢ. ብድሆ እዩ። ካብ ፕላን ወጻኢ. ዝተሰርሑ ኣብይቲ ኣብ ምምሕዳራት ዝምዝገቡ ኩይናም፡ ናብ ፕላን ምስ ተሰጋገሩን ሕጋውነት ምስ ለበሱን ድማ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ይምዝገቡ።

ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ወሀድን ምዕቡልን ካዳስትራዊ ስርዓት ኣይጸንሐን። ኣብ ካናዳ እቲ ምዕራባውን መብዝሕትኡ ካልእ ክፋልን ብዙሕዕላማ እዩ። 'ስርዓት-ቶረንስ' ድማ ይኽተል። ፈደራላዊ መሬት ካናዳ ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ ስልጣን ንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ እዩ ጸኒሑ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ምዝገባ መሬት ኣብ እዋን ብሕታዊ ምስጊጋርን ምዝገባ ውዕላትን ተመርኲሱ ይካየድ። ኣብዘን ብናይ 'ቶረንስ ስርዓት' ዝተጸልዋ ክፍለ ግዝኣታት ወለንታዊ ምዝገባ መሬትን ምስክር ዋንነትን ጉሊሑ ደርኡ።


ኣብ ብዙሓት ሃገራት ላቲን ኣመሪካ፡ ብራዚል፡ ኣርጀንቲና፡ ቨንዝወላ፡ ኮሎምብያ ወዘተ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ስጳኛን ፖርቱጋልን ዝቖመን ብኡኡ ዝተጸልወን ያታዊ ካዳስትራዊ ስርዓታት ዓብለሎም ጸኒሖም። ካብ'ዚ. ቀረባ እዋን ጀሚሩ ግን፡ ኣድላይነትን ረብሓን ብዙሕዕላማ ዘመናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት እናዓበየ ብምምጽኡ፡ ያታዊ ስርዓት-ካዳስተር እናተተክአን ዘበናዊ ዲጂታላዊ ካዳስተር እናማዕበለን ይኸይድ ኣሎ።

ኤሲያ ብቐጥጠበን ቴክኖሎጅን ብቕልጡፍ እትምዕብልን እትግስግስን ዘላ ክፍለ ዓለም እያ። ኣብዘን ብቐጥጠብ ዝማዕበላን ብስሉጥ ዝስጉማን ዘለዋን ሃገራት፡ ጃፓን፡ ቻይና፡ ደቡብ ኮርያ፡ ማለዥያ፡ ሲንጋፖር፡ ቬትናም፡ ኢንዶነዥያ ወዘተ. ኣብ ምዕባለ ዘመናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ዓቢ. ዝላ ኣርእየን ደርከባ። ንኣብነት፡ ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ 1930'ታት ንኣገልግሎት ግብሪ መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ. መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ጥራይ ዘገልግል ካዳስትራዊ ስርዓት ዝበረ፡ ኣብ 1986 ናብ ብዙሕዕላማ፡ ዲጂታል ካዳስትራዊ ስርዓት ማዕቢሉ።

ብሓፈሻ፡ ኣብ ዓለም ብዙሕዕላማ ካዳስትራዊ ስርዓት ይህልዋን ዲጂታላዊ ካዳስተር ይምዕብልን ኣሎ። ሃገራት እዋናዊ ካዳስትራዊ ረብሓታትን ዘላቒ ቀጠባዊ ምዕባለን ኣከባብያዊ ድሕነትን ከውሕሳ እንተ ኾይነን ግድን ዓማሚ (comprehensive) ዘመናዊ ዲጂታላዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ክማዕብላን ኣለወን። ኤርትራ ሃገርና'ውን ረብሓታት ካዳስተር ንምርግጋጽን ዘላቒ ምዕባለ ንምውሓስን ከተማዕብል ግድን'ዩ።

እዚ. ኣብ ላዕሊ. ዝተገልጸ ብዙሓ ዓይነታትን ሃገራት ዝጥቀማሉ ካዳስትራዊ ስርዓትን ኣመዓብብላኡን ይሕብር። ብሓፈሻ፡ ኣብ ዓለም ዝርከቡ ዓይነታት ካዳስተር ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ክፉፈልካ ደርኣዩ። ንሳቶም ከኣ፡ ቀዳማይ፡ ኤውሮጳዊ ወይ ጀርመናዊ ዓይነት ንመብዝሕትአን ሃገራት ኤውሮጳ ዝሓቁፍ እዩ። ካልኣይ፡ ፈረንሳዊ ወይ ላቲን ዓይነት ንናይ ፈረንሳ፡ ፖርቱጋል፡ ስጳኛ፡ ኢጣልያን ጽልዋ እዘን ሃገራት ዘለወን ሓያሎ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃ ወዘተ የጠቓልል። እቲ ሳልሳይ ድማ ስርዓት-ቶረንስ ንኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድ፡ ጽልዋኡ ዘለወን ሃገራት ወዘተ የጠቓልል።

**ቤት ጽሕፈት ካዳስተር (ሚ/መ/ማ/ኣ)**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ተወሳኺ መብርሂ ናይ ዝሓለፈ ሕታማት

እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ክፋላት ናይቲ ብተኸታታሊ ዝወጽእ 'ካብ ተመኩሮታት መጕዓዝያ፡ ዳርጋ ጭልፋ ካብ ባሕሪ ካብቲ ኣብ እዋን ሰውራ ብኣባላት መጕዓዝያ ዝተፈደ ዝበረ ቓልሲ ክበሃል ይከኣል። ኣብዚ እዋንዚ ግን ብዘሰፍሓን ዝተጸንዐን መንገዲ ብምሕባር ምትሕግጋዝ መጕዓዝያ ዝተዓለወን ኣብ ደረጃ ሕትመት ዝበጽሐን መጽሓፍ ክግዝኡ ኣሕተምቲ ሕድሪ ደሮ ኣበሰሮመና ኣለው።

ስለዚ እቲ ዝሰፍሐን ዝሰዓለን ሓበሬታ መጕዓዝያ ሰውራ ካብኡ ንጸበ።

እምበኣር ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታምና ኣገዳሲ መብርሂ ወይ ሓበሬታ፡ ካብ ሓላፊ ጋራጅ ሰዋክን ዝነበረ ኣቶ ተኸስተ ኣርኣያ ስለ ዝመጽኣና፡ ብፍላይ ኣብተን በዐጀዎ ናብ ሜዳ ዝኣተዋ ዝነበራ ማርቸድሳት ኣገዳሲ ኩነታት ስለ ዘተሰመዓና፡ ነቲ ዝሃቦ ሓበሬታ ጸሚቕና ከቕርቦ መሪጽና ኣለና፡

ኣቶ ተኸስተ ኣርኣያ ኣብ 1977 ኣብ ህ.ግ. ምስ ተሰለፈ፡ ኣብ ማህሚመት ተዓሊሙ። ድሕሪ ታዕሊም፡ ፈለማ ኣብ ጋራጅ ዓገት፡ ካብኡ ኣብ ጋራጅ ዓምበርበብ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ 1981 ክሳብ 1990 ከም ሓላፊ ጋራጅ ሰዋክን ኰይኑ፡ ዚ ዝበሃል ዘሎ ታሪኽ መጕዓዝያ ኣውራ ድማ ነተን በዐጀዎ ካብ ወጻኢ ዝመጽኣ መርቸድሳት ልዕሊ ኩሉ ኣፍልጦ ስለዘለዎ ከኣ እዚ ዝስዕብ መብርሂ ይህብ፦

ሰእሊ፦ ጨ/ሰእሊ. (ሚዜና)



ኣቶ ተኸስተ ኣርኣያ

"ኣብ ዘበሰገድሲ ብኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. ዝተሰርሐ ቅያታት ኣዘንቲኻ ዘውድእ ኣይኮነን። እተን ኣብ 1984-85 ካብ ጀርመን ናብ ሜዳ ዝኣተዋ ማርቸድሳትን ኣብኣን ዝተጉበረ ጽገናታትን ተገሊጹ'ኳ እንተ ነበረ፡ ዚያዳ ንምብራህ እተን መካይን ወደብ ፖርትሱዳን ምስ በጽሓ፡ ብቐጥታ ናብ ጋራጅ ሰዋክን መጺኣን። ኣብኡ ድማ ታርጋ ተገይሩለን። መራሕቲ መካይን ተመዲቦምለን። ካብኡ ሰንቂ ጽዒነን ብቐጥታ ካብ ሰዋክን ናብ በረፍ ተበጊሰን። በረፍ ኣብ መንጎ መሬትን ዓሬርብን ዘሎ መሬት ሱዳን ኰይኑ፡ ኩሉ ካብ ፖርትሱዳን ናብ ሜዳ ተጻዒኑ ዝመጽእ ንብረት ወድብ ዝራገፈሉን ዝኽዘነሉን ከም'ኡ'ውን ከከም ኣድላይነቱ ካብኡ ተጻዒኑ ንውሽጢ ሜዳ ሳሕል ዝጓረተሉ ታሪኻዊ ቦታ'ዩ።

"እንተኾነ ኩለን እተን ካብ ሰዋክንን ፖርትሱዳንን ንብረት ጽዒነን በረፍ በጺሐን ዝተመልሳ ማርቸድሳት ዳርጋ ኩለን ካሳ ሰይረን ጺሒሐን። ዚ ምስ ረኣና ድማ ኢና፡ ናብ ማ/ቤ/ጽ መጕዓዝያ መልእኽቲ ብምስዳድ እቲ ዝተሰብረ ኣካል ናይተን መካይን ምልእ ሓበሬታ ንሰውእ የማነ ተስፋሚካኤል (ባዱ) ሓቢርናዮ። ባዱ መልእኽትና ምስ በጽሖ፡ ከኒታት ናይተን መካይን ብቐረባ ክዕዘበን ሸው ሓላፊ ቴክኒክ ዝነበረ ስውእ ሃይለ ኣስራት ንሰዋክን ሰደዶ። ሃይለ ድማ ነቲ ኣብተን ማርቸድሳት ዘጓንፈ ሽግር ምስ ረኣየ፡ ንኣባላት ኤራ ማለት ተከኤ በየነ ኢብራሂም ሰዒድን ሓቢሩ። ንሶም ድማ ንሓላፊ ናይቶም ረድኤት ዝለበና ጸዓዱ ሓብሮም። እቲ ሓላፊ ረድኤት ብወገኑ ናብ ካምፓኒ መርቸድስ ሓቢሬታ ሰዲዱ። ድሕሪዚ ድማ እዩ ካብታ ኩባንያ 3 ክኢላታት ናብ ጋራጅ ሰዋክን መጺኦም ነቲ ዘጓንፈ ጸገማት ክዕዘቡን መፍትሒ ክናድዩን ዝጀመሩ።

"እቶም ካብ ኤውሮጳ ዝመጽኡ ጀርመናውያን ኣብተን ማርቸድሳት ንዘጋጠመ ሽግር ብዓይኖም ምስ ረኣዩ፡ "ሳልደትራቺ ሃብና" ኢሎም ነቲ ዝተሰበረ ኣካል ናይተን መካይን ባዕሎም ክልሕሙዎ ፈቲኖም። ንሕና ግን ካብቲ ዝነበረና ተመኩሮ ነቲ ስራሖም ብቑዕ ከም ዘይኮነ ተቓዊምናዮ። እቶም ጀርመናውያን ግን ብትዕቢት ነቲ ዝሃብናዮም ሓሳብ ኣይተቐበሉዎን። እተን ዝተላሕማ መካይን ተጻዒነን ኣሎ "ኣማን ብኣማን ዚ መንገዲ'ዚ ጥጡሕ ስለ ዘይኮነ ካብ ሕጂ ንንጸው በቲ ሃናኹም ዝጥዕም ስርሕወን ናይ ኣቕሓት ይኽእን ናይ ጉልበት ብምሉኡ እቲ ኩባንያ ክሸፍኖ'ዩ" ኢሉና። እቲ ሓሳብ ናባና ኣረኪቡዎ። ክፍሊ መጕዓዝያ ነቲ ሓሳብ'ቲ ስለ ዝተቐበሎ፡ ነተን 60 መርቸድስ ካብ ሰዋክን ናብ ጋራጅ መሬት ወሲድና ንኽዕረያ ተሰማሚዕና።

ብድሕሪዚ ብምልኣም ክልሕሙ ዝኽእሉ ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ኣባላት ኣኪብና ካሳ ኣውሪድና ነቲ ዝነበረ ሓጺውን ኣሊና፡ ፈርኡ ካብ ፖርት-ሱዳን ይኹን ካብ ካርቱም ከም'ኡ'ውን ካብ መሓመድኑር ሃዳብ ዝተባህለ ሃብታም ሱዳናዊ ፈታዊ ህ.ግ.ን ካልኦት ኤርትራውያን ዜጋታትን ከም በዓል ዳዊት ብርሃ፡ ወዲ-የዕበዮ ንምስቲ ጉብሩን እንደገና ተጻዒናን ብኸንደይ ጸገም በረፍ በጺሐን ምስ ተመልሳ፡ ኩሉ እቲ ዝተላሕመ ኣካላተን ፋሕፋሕ ኢሉ ተሰቢሩ።

"ብድሕሪዚ እቶም ጀርመናውያን መፍትሒ ምስ ሰኣኑ፡ ግድኑት እቲ ሓላፊ ኩባንያ መርቸድስ ባዕሉ ክመጽእ ዓዲሞሞ። ንሱ ድማ ኣይደንጎየን መጺኡ። ነተን መርቸድስ መሪሒዎን ድማ በረፍ በጺሑ። እቲ መንገዲ ብዓይኑ ምስ ኣብይ ኣፈወርቅን ዝተባህሉ ኣብ ፖርት ሱዳን ጋራጅ ዝነበሮም ኣምጺእና ነቲ ስራሕ ተተሓሒዝናዮ። ኣባላት ጋራጅ ካብቲ ግዜ'ቲ ንደሓር ኣብ መዓልቲ ን14 ሰዓታት ብዘይ ዕረፍቲ ኣብቲ ክሳብ 50 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝበጽሕ ሃሩር መሬት እናተቓለዉ ብተወፋይነት ነቲ ስራሕ ጀሚሮምዎ። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከኣ እተን ማርቸድሳት ብምሉኣን ብኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. ኣብ ካሳ ዝተጉበረለን ምህዞ ዕዉት ኰይኑ፡ ኣብ ምጻዑብ ስርሐን ብዘይ ጸገም ከም ዝዋፈራ ተገይሩ።

"ኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. ነቲ ኣብ ስራሕ ዝነበሮም ፍቕርን ተወፋይነትን ብዓወት ክዛዘሙ ከለዉ፡ እቶም ብትምክሕቲ ስራሕና ዘነኣእሱን ዘቖናጸቡን ዝነበሩ ጸዓዱ ብዋዕባ ፍረ-ጻዕርና ዓወት ምኻኑ ማስከሮም። ብሰላዚ ብሱልን ጽፉፍን ስራሕ ድማ ፈለማ እቶም ስራሕቲ ኮሪዖና። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንውድነብና ኣኽሪዖና። ካብቲ እዋን'ቲ ንደሓር እተን ማርቸድሳት ኣብ ኩሉ ሰማጸን ሓርፋፍን መንገድታት፡ ኣብ ኀቦታትን ጐላጉልን ኣብ ቆላን ከበሳን ብዘይ ጸገም ክሰርሓን ክገልግላን በቒዐን። ድሕሪ ናጽነት'ውን ልዕሊ ሰለስተ ዕቑድ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ኣለዋ። እዚ ድማ ብሰላ'ቲ ዘይሕለል ተወፋይነት ኣባላት መጕዓዝያ ኣውራ ድማ ኣባላት ጋራጅ ህ.ግ. ኢዩ።

"ስለዚ ብድሕሪዚ ካብ ጀርመን ዝመጽኣ 200 ማርቸድስ ጀርመናውያን ልክዕ ከምቲ ኣብ ጋራጅ ህ.ግ. ዝሰርሓናዮ ቀዲሖም ብኸም'ኡ ሰሪሖም ሰዲዶምልና። እዚ ኸኣ'ዩ እቲ ስራሕ 'ኤርትርያ ቨርጅን' ብምባል ካብቲ እዋን'ቲ ንደሓር ናብ ኣፍሪቃ ዝለኣኻ ማርቸድሳት ብኸም'ኡ ክሰርሓ ምብቃዐ፡ ንዓና ዓቢ ሓበን ተሰሚዑን ዝሃበ'ዩ።" ብምባል ኣቶ ተኸስተ ኣርኣያ ነቲ ኣብ ማርቸድሳት ዝተጉበረ ምህዞ ወይ ለውጢ ኣብሪሁ።





ካብተን በዐጀዎ ሜዳ ዝኣተዋ ማርቸድሳት

## ብዛዕባ'ቶም 8 ወራራት እንታይ ትፈልጡ?

### ራብዓይ ወራር

ጸላኢ ድሕሪ ኣብ ተኸታተልቲ ወራራት ዝወረዶ ከቢድ ክሳራ፡ ሓይሊ ሰብን ኣጽዋርን ኣኻኺቡ ብጽዑቕ ናይ ኣየርን መሬትን ደብዳብ ተሰንዩ ግንባር ኣፍረሱ ናቕፋ ንምእታው ሃቂኑ። ይኹን እምበር፡ ድሕሪ ምምስራት ናይዚ ግንባር ወግኣት ኣብ ገቦታት ጥራይ ስለ ዝተወሰነ ጸላኢ ሓደ ዓቢ ጸልበለልታ ኣጥፊኡ። ንምግሳም ዘኽእል ጉላጉል ኣይተረኸበን። ናይ ኣጽዋር ጽብለልነቱ ከኣ ብምሉእ ሓይሉ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን። ኣብ ከቢ ፈርሒሎ ደንደንን ህልኽ ዝመልኦ ናይ ምጥቃስ ፈተነታት ድሕሪ ምግባር እቲ ኩናት፡ ብዕለት 30 መጋቢት ጀሚሩ ብዕለት 11 ሚያዝያ 1979 ማለት ድሕሪ 11 መዓልታት መኺኑ።

ክሳራ ጸላኢ፦

- 1400 ምውታት፡ 3600 ቁሱላት
- 1205 ማእከላይን ፈኩስን ብረትን ተሰሊቡ።
- 10 ታንክታት፡3 ድሩዓት መካይንን 78 መካይንን ድማ ዓንዮን።

## መልስታት ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት ሓፈሻዊ ፍልጠት

1. ሓርነት ኣፍዓበት 06/04/1977
2. ህ/ ሚያዝያ (27/04/1984)
3. ባጽዕ፡ ዓዲ-ቀይሕን ባረንቱን
4. ዓወት ንሓፋሽ፡ ህዝብን መሬትን በብሓደ ሓራ ምውጻእ፡ ጸላኢ ብጥይቱን ብረቱን ወዘተ።
5. መ/ ኩሉ መልሲ እዩ።

## ካብ ካርቱናት ገድሊ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

The Common Market for Eastern and Southern Africa (COMESA) invites qualified and experienced COMESA citizens for the following Four (4) positions

| S/N | Job Title | | Minimum Academic Qualifications | Professional Experience |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Principal Human Resources and Administration Manager | P3 | ➢ Degree in Human Resources Management, Management, Organizational Development, Business Administration or related.<br>➢ A Master's Degree in any of these disciplines will be an added advantage. | ➢ A minimum of 8 years' experience in Human Resource Management.<br>➢ Experience in administration and procurement matters will be an added advantage.<br>➢ Working experience in a regional or international organization will be an added advantage.<br>➢ Supervisory experience will be an added advantage. |
| 2 | Manager Mergers and Acquisitions | P3 | ➢ A minimum of Bachelor's Degree in Social Sciences such as Economics, Law and Business Administration/ Management.<br>➢ A postgraduate or Master's Degree in any of these disciplines will be an added advantage | ➢ A minimum of at least eight (8) years relevant experience in market analysis/research or industry or economic and/or legal analysis of markets.<br>➢ Working experience in an intergovernmental body or at a competition authority will be an addedexperience |
| 3 | Principal Merger Analyst | P2 | ➢ A minimum of Bachelor's Degree in Social Sciences such as Economics, Law and Business Administration/ Management.<br>➢ A postgraduate or Master's Degree in any of these disciplines will be an added advantage. | ➢ A minimum of at least six (6) years relevant experience in market analysis/ research or industry or economic and/or legal analysis of markets.<br>➢ Working experience in an intergovernmental body or at a competition authority will be an added experience. |
| 4 | Principal Economist | P2 | ➢ Must possess a Bachelor's Degree in Economics, Business Studies, Statistics or an equivalent qualification with a bias towards research.<br>➢ A postgraduate or Master's degree in an appropriate discipline will be an added advantage. | ➢ A minimum of six (6) years relevant experience in research and/or advocacy and/or policy formulation.<br>➢ Diverse experience in identifying research areas, development of research tools, report writing and dissemination of information.<br>➢ Specialist knowledge in using statistical packages |

**Additional Information: -**

- Age of applicants: Below 55 years
- Salary: As per COMESA salary scale
- Working Language: Applicants must be fluent in English and/or French and/or Arabic (speaking and writing). A combination of any two (2) or all these languages will be an added advantage
- Applicants must present release paper from the Ministry of Defense or Supporting letter from Current employer
- Soft and hard copies of their documents with filled in COMESA Application Form should be submitted to: Ministry of Trade and Industry, Department of Foreign Trade, Office No. 210, Asmara –Eritrea
- The COMESA Application Form can be accessed at the COMESA website:**http://www.comesa.int**www.comesa.int
- Applications submitted directly to the COMESA Secretariat will not be considered and only short-listed candidates will be contacted
- Dead line for application: 15 days from the date of publication in the Newspaper
- For further information, please visit the COMESA website

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ያሬድ በለጠ መንገሻ ተኸሰስቲ ወረ/ኖ/ወ/ሮ ፋኑስ ጸገ ስእለ ንኽይ ሰም ዋንነት ምትሕልላፍ ናይ መኪና ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ቅረቡ። እንተ ዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቀሺ እምባየ ኣባይ ዕቑባሚካኤል፡ ኣደይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምምሕዳር 03 ጎደና ሓርበኛታት ቁ/ገዛ 10 ቀንዲ 6 ክፍልታት፡ ሓገዙ ክፍሊ 1 ዘለዎ፡ ብኮሚሽን ኣባይቲ ብስም ኣዴና ሮማ ሃብተጼን ብቑ/ምስክር 115717 ዝተመዝገበ፡ ብጽሒት ንዓይ ንኣመልካቲ ምስ ኣርባዕተ ኣሕዋተይ ክኸውን፡ ኣብ ጎዳይፍ ዘሎ ብጤሳ ብቑ/መለለዪ ቁ/000331 ብሎክ 07 ፓርሰል M ዞን 5A ኣብ ክልል 04 ዝርከብ ደማ ንሓወይ እዮብ ኣባይ ክኸውን ስለዘ ስለዝበደረት ይጽደቐልና ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/5/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ቁ/47 ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሃይለ ተስፋምህረት፡ ናይ በዓልቲ ቤተይ ቅድስቲ ኪዳ መንግስ ናይ ቤት መግብን መስተን ንግዲ ፍቓድ LIC NO KEL-00010993 TIN NO 60-118-663 ዝኾነ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ 01 ዓዲ ተከሌዛን ተደኩት ዝርከብ ትካል ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ ን15/5/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኑቢያት ኣስመላሽ ካብ በዓል ቤተይ ኣቶ ሞገስ ገብረመሰ ኣብ ደንደረ ገጠር ዝርከብ ገዛ ጥሪት፡ ኣብ ባንኪ ሕሳብ ዘሎ ገንዘብ ብመሰረት ህያብ ዝሃበኒ ክጸድቀለይ ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢት ይቕረብ፡ ን21/05/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

እዮርስ ሃይሉ፡ ወኪል ንግስቲ የማነ ማኪና ናይ ኣቦይ ነፍሲሄር ሃይሉ ገብረክርስቶስ ኣነ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

መሓሪ በርሀ ወድና ኣቤል መሓሪ በርሀ ስለ ዝተሰወአ ዘይተመርዓወን ዘይወለደን ስለ ዝኾነ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ድባሩዋ

ብስራት የውሃንስ በዓል ቤተይ የስኣብ ጺጋይ ስለ ዝዓረፈ፡ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን16/5/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ክለባት ጀርመን ንሮናልዶ ከፈርማኦ ዘይከኣላ ብሕጽረት ገንዘባዊ ዓቕሚ እዩ” ሃማን

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ባየር ሙኒክ - ዴትማር ሃማን፡ ክለባት ኮዕሶ እግሪ ጀርመን፡ ንክሪስቲያኖ ሮናልዶ ዘይከኣላ፡ መሃየኡ ክሸፍና ስለዘይክእላ ብምዃነን ገሊጹ።

ዓርሞሸሽ ክለብ ባየር ሙኒክ፡ ኣብ 2009 ሮናልዶ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ናብ ሪያል ማድሪድ ቅድሚ ምስጋሩ፡ ስማ ምስኡ ተተሓሒዙ ይለዓል ነይሩ። እዛ ጋንታ፡ ነቲ ፖርቱጋላዊ ድንቂ ተጻዋታይ ክትውንኖ ዘዂብሃ ኣይነበረን። ሮናልዶ፡ ኣንጻር ሙኒክ ኣብ ዝተራኸበለን ሸሞንተ ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ትሽዓተ ሸቶታት ኣመዝጊቡላ እዩ።

እንተኾነ ብመሰረት ሃማን፡ ሙኒክ ኮነ እተን ካልኦት ክለባት ቡንደስሊጋ፡ ነዚ ድንቂ ተጻዋታይ ንምፍራም ዝሕተት ገንዘበን ልዑል መሃየኡን ክሽፍናኦ ስለዘይኽእላ ምስጋሩ ግብራዊ ክኸውን ኣይከኣለን።

“ክሪስቲያኖ፡ ኣብ ቡንደስሊጋ ክጻወት እንተዝርእዮ ደስ ምበለኒ ነይሩ። ኣብኡ ክጻወት ክትርእዮ'ውን ዓቢ ነገር ምኾነ። ኣብኡ'ዩም ክልተ ብሉጻት ሊግ - ፕሪመር ሊግን ላ'ሊጋን ተጻዊቱን ተዓዊቱን እዩ። ንክለባት ጀርመን ግና፡ ኩሉ ግዜ መሲጋገሪኡን መሃየኡን ዘይምለስ ሕቶ'ዩ ነይሩ።” ይብል ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ኒውካስል፡ ሊቨርፑልን ማን ሲቲን ዝተጻወተ ሃማን።

ሮናልዶ፡ ኣብ 2021 ካብ ጁቬንቱስ ክወጽእ እንከሎ'ውን፡ “ናብ ባየር ሙኒክ ክሰጋገር ይኽእል እዩ” ዝብል ዜና ይሰራሓሉ ምንባሩ ይዝከር። ደጊሙ ናብ ማን ዩናይትድ ምምላሱ ድማ ኣይርሳዕን።

እዚ ወዲ 40 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ እዋን ምስ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ናስር ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ኣብ ፕሮፈሽናላዊ ጸወታ፡ 1000 ሸቶታት ንምምዝጋብ ሓሊኑ ዘሎ - ሮናልዶ ዛጊት 933 ሸቶታት ኣቘጺሩ ይርከብ።



## “ራሽፎርድን ኣንቶኒን ናብ ዩናይትድ ክምለሱ እዮም” ኣሞሪም

ዓሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ - ሩበን ኣሞሪም፡ ብልቓሕ ኣብ ኣስቶን ቪላን ሪያል ቤቲስን ዝጻወቱ ዘለዉ ማርከስ ራሽፎርድን ኣንቶኒን፡ ወዕሎም ዛዚሞም ክምለሱ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

ኣብዛ ጋንታ ስራ ዘንጸብረቕዎ ትሑት ብቕዓት ዝንቀፉ ዝበሩ ራሽፎርድን ኣንቶኒን፡ ኣብ ናይ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝተኸፍተ መስኮት ምስግጋር ብልቓሕ ምውጻኦም ይዝከር። ኣብተን ዘለወን ክለባት ድማ፡ ቁመናኦም መሊሶም መሳጢ ምንቅስቓስ የርእዩ ኣለው። ምስ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ፡ ናይ ልቓሕ ውዕሎም ዝውድኡ ብምዃኖም ድማ፡ ምስ መጻኢኦም ብዝተኣሳሰር ‘ኣብ ዩናይትድ ተመሊሶም ክጻወቱ ዲዮም፣ ወላስ ካብታ ክለብ ክወጹ እዮም’ ዝብል ሕቶ ይቐርብ ኣሎ።

ብሀሉው ብቕዓት ናይዞም ተጻወትቲ ከምዝተሓጎሰ ዝገልጸ - ኣሞሪም፡ ኩሎም ብልቓሕ ወጺኦም ዘለዉ ተጻወትቶም ክምለሱ ምዃኖም፡ ድሕሪ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ግን እዛ ጋንታ እንታይ ከምእትገብር ክትውስን ምዃና ገሊጹ።

እዚ ፖርቱጓላዊ ዓሰልጣኒ፡ “ንተጻወትቲ ብልቓሕ እትሰዶም፡ ኣቲ ጸቡቕ ነገር ዓቕሞም ንምርኣይ እዩ። ራሽፎርድ፡ ኣንቶኒን ካልኦትን ተዋህቦ ኣለዎም። ብዝርኣይዎ ብቕዓት ድማ ሕጉሳት ኢና” ኢሉ።

ራሽፎርድ፡ ዛጊት ኣብ 17 ግጥማት (ናይ ትማሊ ምሸት ጸወታ ኤፍ.ኤ ካፕ ኣንጻር ክሪስታል ፓላስ ከይተሓወሰኸ) ንቪላ ወኪሉዋ ኣሎ፣ ኣርባዕተ ሸቶታትን ሹዱሽተ ቀረብትን ድማ ኣበርኪቱ። ቪላ፡ ብ40 ሚልዮን ፓውንድ ብቐዋሚ ክተፈርሞ ዘኽእላ ናይ ኣማራጺ ውዕል'ውን ኣለዋ። ባርሴሎና፡ ባየር ሙኒክን ቸልሲን ድማ፡ ስሙን ምስ'ዚ እንግሊዛዊ ተኣሳሲሩ ይለዓል እዩ።

ኣንቶኒ ብወገኑ፡ ኣብ 18 ግጥማት ሪያል ቤቲስ፡ ሓሙሽተ ሸቶታትን ኣርባዕተ ቀረብትን ኣጽሒፉ ኣሎ። ብብቕዓቱ ዝዓገበት ቤቲስ ድማ፡ ንሓንቲ ተወሳኺ ናይ ልቓሕ ወቕቲ ደጊማ ክትጥቀመሉ ሕቶ ኣቕሪባ እያ፤ ሕቶኣ ግና ብዩናይትድ ተነጺጉ ኣሎ። ብቐዋሚ ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ክትገዝኦ እያ ዩናይትድ ነጊራታ።



## ሙኒክ፡ ዋንጫ ቡንደስሊጋ ንምዕታር ተቓሪባ

### ከይን፡ ቀዳመይቲ ዋንጫ ንምልዓል . . .

ባየር ሙኒክ፡ ትማሊ ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ ንመይንዝ ዓዲማ 3ብ0 ብምዕዋታ፡ ዋንጫ ቡንደስሊጋ ንምዕታር ኣብ ደርኾኺት በጺሓ።

እዛ ጋንታ፡ ካብ ለሮይ ሳኔ ሚካኤል ኦሊሰን ኤሪክ ዳየርን ብዝረኸበተን ሸቶታት እያ ተዓዊታ። ድሕሪኣ ዘላ ለቨርኩሰን'ውን ኣብቲ ዕለት ንኦግስበርግ 2ብ0 ሰዒራታ።

ክልተኣን ክለባት ማዕረ 31 ጸወታ ከካይዳ እንከለዋ፡ ሙኒክ ብ75 ነጥቢ ትመርሕ ኣላ፣ ድሕሪኣ ዘላ ለቨርኩሰን ድማ ብሸሞንተ ነጥቢ ድሕራ ትስዕብ።



እዚ ማለት፡ ሙኒክ ዝመጽእ ቀዳም ንኣርቢ ሌፕዚግ እንተሰዒራታ፡ ክልተ ግጥማት ተሪፍዋ እንከሎ (ቡንደስሊጋ 18 ክለባት ብምህላወን ነፍሲ ወከፍ 34 ጸወታታት እያ ተሰላሰል) ጸዋእ ምልዓላ ከተረጋግጽ እያ።

በዚ ድማ ዓሚ ብለቨርኩሰን ዝተመንጠለታ ናይ ሊግ ዋንጫ፡ ንመበል 34 ግዜኣ ከተልዕላ እያ።

ብመንጽሩ፡ ብሉጽ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕልፍ ዘሎ ኣጥቃዓያ - ሃሪ ከይን፡ ኣብ ታሪኹ ቀዳመይቲ ዓባይ ዋንጫ ከልዕል እዩ። እዚ እንግሊዛዊ ብዝበዝሒ ብዮጊ ካርድ ግና፡ ዝመጽእ ቀዳም ከምዝይሰለፍ ይግለጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ከይን ብ24 ሸቶታት ንዝለዓለ ኣመዝጋቢ ይቕልሶ ኣሎ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቀዳማይ ወቕቱ ምስ ባየር ሙኒክ ተዓዊቱሉ ምንባሩ'ውን ይዝከር። በዚ ድማ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ናይ ቡንደስሊጋ ወቕትታቱ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ዝኾነ ቀዳማይ ተጻዋታይ ዝብል ክብሪ ክረኽብ እዩ - ንናይ ለሚ ምስ ዝዕወተሉ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሃገራዊ ውድድር ቅድድም ማኪናን ሞተር ብሽክሌታ ኣብ ቤት ገርገሽ ካብ 8፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ክሰላሰል እዩ።

**ፕሪመር ሊግ**

ቦርንማውዝ - ማን ዩናይትድ
4፡00 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ቶተንሃም 6፡30 ድ.ቀ

ኤፍ.ኤ ካፕ ፍርቂ ፍጻመ

ኖቲንግሃም - ማን ሲቲ 6፡30 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኢንተር ሚላን - ሮማ 4፡00 ድ.ቀ

### ውጽኢት ግጥማት
### ፕሪመር ሊግ ዕለተ-ቀዳም

ቸልሲ 1-0 ኤቨርተን
ዎልቨስ 3-0 ሌስተር ሲቲ
ኒውካስል 3-0 ኢፕስዊች
ብራይቶን 3-2 ዌስትሃም
ሳውዝሃምፕተን 1-2 ፉልሃም

## ነገር ኩንሃ

ኣጥቃዓይ ዎልቨስ - ማቲያስ ኩንሃ፡ ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝበዝሐ ሸቶታት ፕሪመር ሊግ ምስ ዘቑጸሩ ደቂ ሃገሩ ብራዚላውያን ተመዓራሪዩ - ትማሊ ኣብ ልዕሊ ሌስተር ሲቲ ሸቶ ብምምዝጋቡ።

ብራዚላዊ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል - ሮበርቶ ፊርሚኖ፡ ኣብ 2017-18 ብዝሒ ሸቶታት ብምቑጻር፡ ክብረ-ወሰን ሒዙ ነይሩ። ኣብ 2022-23 ግና፡ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል - ጋብሪኤል ማርቲነዚ ድማ፡ ተመሳሳሊ ብ15 ሸቶታት ተመዓራሪይዎ።

ትማሊ ድማ፡ ኣብ ብሉጽ ቁመና ዘሎ - ኩንሃ፡ መበል 15 ሸቶኡ ብምቑጻር፡ ሳልሳይ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣሎ። እንተኾነ፡ ኩንሃ፡ ኣብዘን ተሪፈናኦም ዘለዋ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥማት ሸቶ ምስ ዝውስኽ፡ ነቲ ክብረ-ወሰን ክብሕቶ እዩ።

ነታ ምትራፋ ዘፍለጠት ሌስተር ዝዓደመታ ዎልቨስ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ካብ ላርሰንን ጎመዝን ሸቶታት ብምውሳኻ፡ ብገፊሕ 3ብ0 ሰዒራታ።




## ራፊንያ፡ ንሕቶ ስዑዲ ዓረብ መልሲ ሂቡ

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክለብ ባርሴሎና - ራፊንያ፡ “ዓሚ እንተዝኸውን ምተቐበልክዎ” ክብል፡ ኣብዚ ወቕቲ ዝመጸ ዘሎ ናብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ናይ ምስግጋር ሕቶ ነጺጉዎ።

ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ክለባት ስዑዲ ዝኾነት ኣል-ሂላል፡ ብልዑል መጠን ገንዘብ ንራፊንያ ንምስግጋር ሕቶ ምቕራባ እዩ ዝንገር።

ዛጊት ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ኣፍ ከይከፈተ ዝጸንሐ እዚ ብራዚላዊ፡ “ትማሊ ሓደ ሰብ ብዛዕባ እዚ ናይ ስዑዲ ዓረብ ሕቶ ዝወጸ ዜና ሰዲዱለይ፣ ሓቂ ንምዝራብ ዝሓለፈ ዓመት እንተዝኸውን ነይሩ ምተቐበልክዎ። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ እዋን ኣብ ባርሳ ብቕዓተይ ንምርኣይ ተሸጊረ እጋደል እየ ነይረ። ብዓብኡ፡ ህይወት ስድራይ ዘቐየር ገንዘብ እዩ፣ ምተቐበልክዎ ነይረ። ዝኾነ ሰብ ኣይከይድ እዩ ዝብል ድማ ሓሶት እዩ።” ኢሉ።

ንሱ፡ “እንተኾነ፡ ኣብ ኤውሮጳ ከምኡ'ውን ኣብ ባርሳ ብዙሕ ዕድል ከምዘለኒ ሓሰብኩ። ንዝገራዊት ጋንታ ንምውካል'ውን ገና ዓቢ ዕድል ነይሩኒ፣ ድሕሪኡ ዓሰልጣኒ ሃንሲ ፍሊክ ናብ መዚኡ መጺኡ፡ ንዓይ ድማ ኩሉ ነገር ኣመቻቺኡለይ። በዚ ድማ፡ ንገዛእ ጸማም እዚ ብምሃብ ንእምሮይን ሕልምታተይን ኣብ ባርሴሎና ከፊተዮ” ወሲኹ።



ራፊንያ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ስራ ዘርእዮ ዝበረ ድኹም ቁመና፡ ካብ ባርሳ ክወጽእ እዩ ይብሃሉ ነይሩ። ኣብዚ ዓመተ-ስፖርት ምስ ምምጻእ ጀርመናዊ ዓሰልጣኒ ሃንሲ ፍሊክ ግና፡ ኣገራሚ ብቕዓት የርኢ ኣሎ። ባርሴሎና፡ ንላ'ሊጋ ክትመርሖን ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትበጽሕን ከምኡ'ውን ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከሎ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ክትፋለምን ካብ ዘኽኣልዋ ቀንዲ ወሳኒ ተጻወትታ እዩ - ራፊንያ።

እዚ ወዲ 28 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ ወቕቲ ዛጊት ንሃገሩን ክለቡን ኣብ ዝወከለሉ (ናይ ትማሊ ከይተወሰኸ) ብድምር ኣብ 60 ሸቶታት ተዋሲኡ - ከም ኣመዝጋብን ሃንዳሲ ዕድልን። እዛ ወቕቲ'ውን ገና ስለዘይተወደአት፡ ኣበርክቶኡ ክውሰኽ ይግመት።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ማይ ተመናይ<br>ፋርማሲ ተስፋ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት | 27/04/2025 | ጎደና ዓዲ ኣቡይቶ ቁ.315፡ ኣብ ጥቓ ቤት ክርስትያን ኣቡኑ ኣረጋዊ<br>ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ<br>ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 08370134<br>186839<br>125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services